# Refugee agencies help and advice

July 2007 Tigrignia

# ናይ ምውህሃድ ልቓሕ

**ካብ ሰነ 2007 ጀሚሩ፡ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ናይ ሰብአዊ ድሕነት ውቕባ ተዋሂብኩም ድዩ? እዚ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብመንግስቲ ንዝወሃብ ናይ ምውህሃድ ልቓሕ ክወሃበኩም ይኽእል እዩ።**

## ናይ ምውህሃድ ልቓሕ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ናይ ምውህሃድ ልቓሕ ዝበሃል፡ ንናይ ስደተኛ ፍቓድ ወይድማ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ውቕባ ንዝለዎም ሰባት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሓዲሽ ናብራ ንምጅማር ክሕግዞም ተባሂሉ ዝወሃብ ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ ልቓሕ እዩ። ብኽብረትኩም፡ እዚ ትወስድዎ ልቓሕ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ክትከፍልዎ ሙኻንኩም ክስተውዕሉ ይግባእ።

## ንምንታይ ክጠቅም ይኽእል?

ልቓሕ ዘድልየካ ነገራት ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክኸውን ይኽእል፥ ንናይ መንበሪ ገዛ ትሕጃ ንምኽፋል፣ ንገዛ ዝኸውን ዘድሊ ነገራት፣ ናብ ስራሕ ወይ ቃለመጠይቕ ንምኻድ ዝጠቅም ናይ መጉዓዝያ ካርድ ንምግዛእ፣ ናይ ስራሕ ክዳውንቲ ወይ መሳርሒ ንምግዛእ፣ ንትምህርቲ ወይ ካልእ ስልጠና ንምኽፋል። ስልጠና ትወስዱ ወይ ትመሃሩ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም፡ መዓልታዊ ንዘድልዩኹም መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራት ንምግዛእ ልቓሕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዝወሃብ ልቓሕ፡ ንኣድለይቲ ዘይኮኑ ነገራት ንምሽፋን ኣይወሃብን ኢዩ።

## ናይ ምውህሃድ ልቓሕ ክልቃሕ ዝኽእል ከመይ ዝበለ ሰብ እዩ?

ልቓሕ ንምልቃሕ ከተመልክቱ እንተደኣ ኰንኩም፡ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ኰንኩም፡ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ውቕባ ዘለኩም ክትኮኑ ይግባእ። ልቓሕ ንውሳድ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ከተመልክቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ንስኹምን ባዓልቤትኩምን ልቓሕ ንምልቃሕ ብቑዓት ምስትኾኑ፣ ክልቴኹም ንናይ ሓባር ልቓሕ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ክልቴኩም ድማ ደሓር ነቲ ልቓሕ ኣብ ምኽፋል ማዕረ ሓላፍነት ይህልወኩም።

## ክንደይ ዝኣክል ልቓሕ ከተመልክቱ ትክእሉ?

እቲ ዘድልየኩም ነገራት እንታይ ሙኻኑ፡ ከምእውን ዘለኹሞ ኩነታትን ተራእዩ ብእኡ መጠን ክንደይ ልቓሕ ከምዝወሃበኩም ይውሰን። ካብ £100 ክሳብ £1000 ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንብግሊ ከምእውን ብሓባር ልቓሕ ዝሓቱ ሰባት ዝምልከት ይኸውን።

## እቲ ልቓሕ ብኸመይ መንገዲ ይወሃበኩም?

መብዛሕትኡ ግዜ ልቓሕ ብመንገዲ ናይ ባንኪ ሕሳብ ወይ ኣካውንት ይክፈል። ናይ ባንክ ሕሳብ እንተደኣ ዘይብልኩም ኰንኩም፡ እሞ እቲ እትልቀሕዎ ገንዘብ ድማ ትሕቲ £450 ምስ ዝኸውን፡ ብቼክ መልክዕ ክትወሃቡ ትኽእሉ ኢኩም። እዚ ድማ ናብ ጥረ ገንዘብ ክቕየር ዝኽእል ኣብቲ ከተመልክቱ ከለኹም ዝጠቐስክሞ ፖስታ ቤት ብምኻድ ይኸውን።

## እቲ ልቃሕ ብኸመይ መንገዲ ክኽፈል ይግበኦ?

ዝወሰድክምዎ ልቕሕ መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙናት ምኽፋል ትጅምሩ። ስራሕ እንተደኣ ትሰርሑ ኰንኩም ብዛዕባ ኢዚ ንምምይያጥ እቲ ክፍሊ ስራሕን ጡረታን (Department for Work and Pensions) ብቐጥታ ክውከሰኩም ኢዩ። ናይ ኣታዊ ሓገዝ (Income Support) ኣብ ኣታዊ ዝተሞርኮሰ ናይ ደለይቲ ስራሕ ኣበል (Income-Based Jobseeker’s Allowance) ወይድማ ናይ ጥሮታ ክረዲት (Pension Credit) ትወስዱ እንተደኣ ኮንኩም፡ እቲ ዝተለቃሕክሞ ልቃሕ ካብቲ እትወስድዎ በነፊትኩም ብቐጥታ ይውሰድ። እቲ ትኸፍልዎ መጠን ድማ ብዝተኸኣለ ትሑት መጠን ከምዝህልዎ ክግበር እዩ።

## ንኻልእ ዝወሃብ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንምቕባል ከ ብቑዕ ድየ?

እቲ ዝወሃበኩም ልቃሕ ንስልጠና፣ ንትምህርቲ፣ ወይ ንስራሕ፣ ንናይ ናብራ ወጻኢታት ከምኒ ናይ ቀልዑ ወጻኢታት ክትጥቀምሉ እንተደኣ ኮንኩም፡ ኣቐዲምኩም ምስቲ ናይ ስራሕን ሓገዛትን (Jobcentre Plus) ቤት ጽሕፈት ክትዘራረብሉ ይግበአኩም። ካልኦት ካብ ክፍሊት ነጻ ዝኾኑ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

## ልቃሕ ብኸመይ ይሓትት

ቤት ጽሕፈት ዶብን ኢሚሬሽንን ኤጀንሲ (Border and Immigration Agency) እቲ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ ፍቓድ ከምዝተወሃበኩም ዝገልጽ ደብዳቤ ክሰደልኩም ከሎ ምስኡ ናይ ምውህሃድ ልቃሕ መመልከቲ ፎርም ብሓባር ክሰደልኩም ይግበኦ። እዚ ፎርም እንተደኣ ዘይተቐበልኩም ግና፡ ነቲ ናይ ዶብን ኢሚግረሽን አጀንሲ ኣካል ዝኾነ ናይ ዶብ ጉጅለ መወሃሃዲ ልቃሕ (Integration Loan Team) ብስልኪ ቁጽሪ 020 8196 5440 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓደሓደ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲታት ከምእኒ ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action)፣ ናይ ስደተኛታት ናይ ምኽሪ መስመር (Migrant Helpline)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታ ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ከንእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዌልሽ (Welsh Refugee Council) ነቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ክትመልእዎ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ማሕበራት ከምእኒ ናይ ስደተኛታት ኮሚኒቲ ማሕበራት ወይድማ ዝተፈላለየ ናይ ምክሪ ኣገልግሎታት (Citizen’s Advice) ማሕበር እውን ክሕግዝኹም እኽእሉ እዮም።

## ምኽሪ ብዛዕባ ገንዘብ

እቲ እትወስድዎ ልቃሕ ተመሊስኩም ክትከፍልዎ ስለዝኾንኩም፡ ክትከፍልዎ እትኽእሉ መጠን ገንዘብ ጥራይ ክትልቅሑ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ካልኦት ምንጭታት ዝኸፍልልኩም እንተደኣ ኣለዉ ኮይኖም፡ ክትከፍሉ ኣየድልየኩምን እዩ። እዚ ብዝምልከት ብኽብረትኩም ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ኣዘራርቡ።